**ተወሳኺ ሓበሬታ፣**

መምርሒ ንሰራሕተኛታት ጥዕና ብዛዕባ ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ፤ (ብመንግስታዊ ትካል ክንክን ጥዕና ዝወጸ፥ ናይ መጥለቢ ቁ. IK 2723)

ተግባራዊ ንድሬ ጸረ ጉድኣት ጾታዊ-ኣካል (ብ20 ታሕሳስ ብመንግስቲ ዝወጸ፤ ካብ ሚስትሪ ቆልዕን ስድራ-ቤትን ብቁ. ተለፎን 22 24 24 07 ክጥለብ ይከኣል፣)

ሓበሬታዊ ጽሑፍ/መንሸር ብዛዕባ ምብልሻው ጾታዊ ኣካል፣ ብሚኒስትሪ ሕብረተ-ሰብኣውን ክፍሊ ሕክምናን ዝተዳለወ፣

መንግስታዊ ቤት ጽሕፈታት ካብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ብብዝሒ ክጠልባ ይኽእላ እየን።

Statens forvaltningstjeneste
Informasjonsforvaltning
Postboks 8169 Dep, 0034 Oslo
ቁጽሪ ፋክስ፣ 22 24 27 86
ኢ-መይል publikasjonsbestilling@ft.dep.no

መጥለቢ ቁ. 1-1053 TI

# ሓበሬታዊ ጽሑፍ/መንሸር፣ ሕጊ ብዛዕባ እገዳ ጸረ-ምጉዳእ/ምብልሻው ጾታዊ-ኣካል፣

SOSIAL- OG HELSEDEPARTEMENTET

## ብ15 ታሕሳስ ዝወጸ ሕጊ ቁ. 74 - ብዛዕባ
## እገዳ ጸረ-ጉድኣት ጾታዊ-ኣካል/ብልዕቲ

§ 1. እቲ እናፈለጠ ኣብ ልዕሊ ጾታዊ ኣካል ጓል-ኣንስተይቲ መጥባሕቲ ብምፍጻም ጉድኣት ዘውረደን፣ ነባሪ ለውጢ ዘኸተለን፣ ብጉድኣት ጾታዊ-ኣካል ይቕጻዕ። እቲ መቕጻዕቲ ክሳብ 3 ዓመት ማእሰርቲ ኮይኑ፥ እንተድኣ እቲ መጥባሕቲ ሕማም ወይ ንልዕሊ 2 ሰሙን ናይ ስራሕ ምስንኻል ኣኸቲሉ፣ ወይ ዘይሓዊ ኣበር/ጉድለት ወይ ብርቱዕ ጉድኣት ኣስዒቡ መቕጻዕቱ ክሳብ ናይ 6 ዓመት ማእሰርቲ ይኸውን። ካብኡ ሓሊፉ እቲ መጥባሕቲ ሞት ወይ ዓቢ ናይ ኣካላት ወይ ጥዕና ጉድኣት ምስ ዘኸትል፣ መቕጻዕቱ ክሳብ ናይ 8 ዓመት ማእሰርቲ ይኸውን። ተሓባባርነት ብተመሳሳሊ ኣገባብ የቕጽዕ።

ዳግመ-ህንጻ ኣብቲ ዝተጎድአ ጾታዊ-ኣካል ምግባር ብመሰረት ኣብ ቀዳማይ ንኡስ ክፍሊ ተጠቒሱ ዘሎ የቕጽዕ።

ብስምምዕ ምግባር ካብ መቕጻዕቲ ናጻ ኣየውጽእን እዩ።

§ 2. እዚ ሕጊዚ ካብቲ ንጉስ ዝወሰኖ ግዜ ኣትሒዙ ኣብ ግብሪ ይውዕል። ካብ 1 ጥሪ 1996 ጀሚሩ ድማ ኣብ ግብሪ ይትግበር።

### ዕላማ ናይዚ ሕጊዚ፥

ዕላማ ናይዚ ሕጊዚ ጉድኣት ኣብ ጾታዊ—ኣካል ደቂ-ኣንስትዮ ምፍጻም ኣብ ኖርወይ ኩልኩል ምዃኑ ንምብራህ እዩ። እዚ ሕጊዚ ኣዋልድ ንኸይክንሸባ ይኸልክል። ከምዚ ዝኣምሰለ መጥባሕቲ ኣብ ልዕሊ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጾታዊ ኣካል ምፍጻም፣ ንጥዕና ጎዳኢ ስለ ዝኾነ፥ ብመሰረት ናይ ኖርወይ ሕጊ ተቐባልነት የብሉን። ኣብ ኖርወይ ምኽንያቱ ኩሉ ግዜ ኩልኩል እዩ ነይሩ። እንተኾነ ነብሱ ዝኸኣለ ሕጊ "ጸረ-ጉድኣት ጾታዊ ኣካል" ብምውጻእ እቲ ተልእኾ ብዝያዳ በሪሁ። እቲ ሕጊ ስርዓት ኖርወይ ኣብ ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ዘለዎ ንጹር ኣቋም የብርህ።

### ኣምር፣ ጉድኣት ግዳማዊ ጾታዊ-ኣካል፣

እዚ ሕጊዚ ን"ጉድኣት ጾታዊ-ኣካል"፣ ዝብል፥ ኣብ ዓለም-ለኻዊ ውድብ ጥዕናን፣(WHO) ካልኦት ኣንጻር እዚ ልምዲዚ ዝሰርሓ ዓለም-ለኻዊ ውድባትን ዝጥቀማሉ ልሙድ ዝኾነ መግለጺ ይጥቀም። (ብእንግልዝኛ genital mutilation ይብሃል)። እዚ ቃል ወይ መግለጺዚ ነቲ ስርሒት እንታይ ዓይነት ትሕዝቶ ከምዘለዎ ንምብራህ የተኩር። እዚ መግለጺዚ ዘብርሆ እምበኣር፣ ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ ኣባላሻዊ ስርሒት ከም ዝኾነ እዩ። ምብልሻው ጾታዊ-ኣካል ደቂ-ኣንስትዮ (ምኽንሻብ) እምበኣር፣ ካብቲ ንጹር ዝኾነ ሓደገይና ሳዕቤናት ኣብ ጥዕና ዘይብሉ፥ ብሃይማኖታውን ባህላውን ልምዲ ዝፍጸም፣ምኽንሻብ ደቂ-ተባዕትዮ ብንጹር ዝተፈልየ እዩ።

### እዚ ሕጊዚ ነየኖት ዓይነት መጥባሕቲ የጠቓልል።

እዚ ሕጊ ክልከላዚ ንኹሉ ዓይነት ምኽንሻብ ደቂ-ኣንስትዮ፥ ንጾታዊ ኣካል ዝጎድእ ወይ ነባሪ ለውጢ ዘኸትል ይምልከት። እዚ ዘነጽሮ ድማ ኩሉ ዓይነት ስርሒት፣ ካብ ዓቢ ክፍሊ ናይ ጾታዊ ኣካል ምቕራጽ/ምልጋስን፣ ኣፍደገ-ማህጸን፣ ኣላጊብካ ምስፋይን ጀሚሩ፣ ክሳብ ብምሉእ ኮነ ብኸፊል ምልጋስ ብልዕቲ (ቅንጢር) ኩልኩል ምዃኑ የብርህ። ከምኡውን ንዝተቐደ ኣፍ-ማህጸን ደጊምካ ምስፋይ ኩልኩል እዩ። ንኣብነት ድሕሪ ሕርሲ። እንተኾነ ኩሉ ንባህርያዊ ስነ-ቅርጺ ኣካል ብዝምልከት ዝግበር መጥባሕቲ ፍቑድ እዩ። እቲ ምኽልካል ነቲ ብሕክምናዊ ምኽንያት ዝግበር ዓይነት መጥባሕቲ ኣይምልከቶን እዩ፥ ንኣብነት ምስ ምሕራስ ዝተተሓሓዘ ኣድላዪ መጥባሕቲ...ዝኣምሰሉ። ብምኽንያት ሕማም መንሽሮ ዝግበር ምልጋስ ጾታዊ ኣካል፥ መፋጥርቲ ኮይኑ ንዝመጾ ምምዝባል ኣካል ንምዕራይ ወይ ብሕጋዊ መንገዲ ጾታ ንምቕያር ንዝፍጸም መጥባሕትታት ኩሉ እዚ ሕጊዚ ኣይምልከቶን እዩ።

### ኣዚ ሕጊዚ ንመን ይምልከት?

እዚ ሕጊዚ ንኹሉ ንደቂ ኣንስትዮ ዝኽንሸበ ይምልከቶ። ከምኡውን፥ ዋላኳ ነቲ መጥባሕቲ ኣብ ምግባር ኣይውዓል እምበር፣ ንኹሉ ነቲ ብልሽት ጾታዊ ኣካል ንኽግበር ብዝኾነ መልክዕ ዝተሓባበር ይምልከቶ እዩ። ወለዲ ኮነ ካልኦት፣ ኣዋልድ ንኽኽንሸባ ኢድ ምስ ዘእትዉ የቕጽዕ እዩ። ዋላ እታ ጓል-ኣንስተይቲ ንኽትክንሸብ ትሰማማዕ ብዘየገድስ፥ ኩልኩል እዩ። እታ ጓል-ኣንስተይቲ ንርእሳ ግን ኣይትቕጻዕን እያ።

### ኣብ ወጻኢ ዝፍጸም መጥባሕቲ፥

እዚ ሕጊዚ ኣብ ኖርወይ ኮነ ኣብ ወጻኢ ይሰርሕ። እዚ ንቆልዓ ናብ ክንሸባ ልሙድ/ቅቡል ዝኾነሉ ወጻኢ ሃገር ወሲድካ ምኽንሻብ ይኽልክል። እቲ ምብልሻው ጾታዊ-ኣካል ደቂ ኣንስትዮ ኩልኩል ምዃኑ ዘብርህ ሕጊ እምበኣር ኖርወጃዊ መንነት ንዘለዎ ወይ ኣብ ኖርወይ ተቐማጢ ንዝኾነ ኩሉ፣ እንተድኣ እቲ መጥባሕቲ ኣብ ወጻኢ ሃገር ክፍጸም ገይሩ/ገይራ ወይ ንኽፍጸም ተሓባቢሩ/ራ ይምልከቶ/ታ እዩ።